Australian Government
Department of Human Services

ኣብ Centrelink ነይረ እሞ ኣብ ኩሉ ቦታታት
“ይኣክል” ዝብል ምልክት ርእኹ። እዚ ብዛዕባ’ንታይ ምኳኑ ትፈልጢ ዶ?

እወ፡ ብ ስድራቤትን ዘቤታዊ ጎነጺ (ዓመጽ) ዝተተንከፉ፡ ብቤት ጽሕፈት ሰብኣዊ ኣገልግሎታት ኣቢሉ ደገፍን ኣገልግሎትን ከም ዘሎ ዝሕብሩ እዮም።

እንታይ ደገፍን ኣገልግሎትን ኣገልግሎትን’ዮም ዘወፍዩ?

ኣብ’ቲ ኩነታት ይምልከት፡ ናብ ኣብ ማሕበረሰብኪ ዝርከብ ፍሉይ ሞያዊ ኣገልግሎታት ደገፍ ከማሓላልፉኺ ይኽእሉ። ከምኡ’ውን ናብ ምጽንናዕን ደገፍን ከወፍየልኪን ገለ ክፍሊት ናይ ምርካብ ክሕግዘኪን ዝኽእል ማሕበራዊ ሰራሕተኛ (ሶሻል ዎርከር) ከመሓላልፉኺ’ውን ይኽእሉ።

ግርም፡ ጽቡቕ’ዩ ሓገዝ ከም ዘሎ ምፍላጥ። ምስ በዓል ቤታ ሕማቕ ዝምድና ዘለዋ ትመስል ዓርኪ ኣላትኒ። ኣይሃርማን እንተኾነ ግና ብዘይ ፈቓድ በዓልቤታ ምስ ኣዕሩኽታ ወይ ቤተሰባ ክትራኸብ ኣይፍቀደላን፡ ንመግቢ ኮነ ንክዳን መግዝኢ ገንዘብ የብላን። ብሓቂ ሕጉስቲ ኣይኮነትን፡ እንታይ ከም ትገብር ይትፈልጥን።

ስድራቤትን ዘቤታዊ ጎንጺ (ዓመጽ) ኣካልዊ ጎንጺ (ዓመጽ) ጥራሕ ኣይኮነን። ምፍርራሕ ፡ ምርዓድ፡ ምቁጽጻር ወይ ከም ዝፈርሕ ምግባር ዘጠቓልል ባህርያት ክኸውን ይኽእል።

ነዚ ኣይፈለጥኩዎን ነይረ። ዓመት ኣቢሉ ይገብር ናብ’ዚ ካብ ትግዕዝ፡ ምምሃር ምዝራብ እንግሊዘኛ ጀሚራ’ላ። ንቤት ጽሕፈት ሰብኣዊ ኣገልግሎታት ክትዛረብ ትኽእል ዶ?

እወ፡ ብርግጽ። ናብ **Department of Human Services** ኣብ 131 202 ብምድዋል ምስ ብቋንቋኣ ዝዛረብ ሰብ ክዛረብ ትኽእል።
ከም ኣማራጺ ኣብ 1800 737 732 ናብ 1800RESPECT ብምድዋልን ምስ ብቃቋንቋኣ ዝዛረብ ሰብ ክትዛረብ ትኽእል። ስድራቤትን ዘቤታዊን ጎንጺ ተሞኵሮ ዘለዎም ሰባት ብተሌፎንን ብ ኦን ላይንን (መስመር ኮምፒዩተር) ብናጻ ምጽንናዕ ይገብሩላን ናብ ኣብ ከባቢኣ ዝርከብ ኣገልግሎታት ሓገዝ ንኽትረክብ የመሓላልፉዋን።

ንዝያዳ ሓበሬታ ናበይ ንክትከይድ ክሕብራ? ምስ ዝኾነ ሰብ ክትዛረብ ፈቓደኛ ምኳና ርግጸኛ ኣይኮንኩን።

ናብ **humanservices.gov.au/yourlanguage** ወይ **1800respect.org.au/languages**
ክትከይድ ትኽእል። ሓበሬታ ብዛዕባ ስድራቤትን ዘቤታዊ ጎንጽን (ዓመጽ) ብብዙሓት ቋንቋታት ኣለዎም።

ኽብረት ይሃበለይ። እዚ ሓበሬታ ከካፍላ እየ።